# ፍሉይ ልኡኽ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክልተ ሱዳናት፣ ሃይለ መንቆርዮስ፣ ነቲ ብስርዓት ወያነ ዝቕመ፣ ናይ ኣሸበርቲ ምንቅስቓስ፣ ዝመወለሉ ምኽንያት፣ ብወግዒ ዘይተገልጸ ካልኣይ ተልእኾ ኣለዎ ድዩ?

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቅንያት ሓደ ግዱስ ሰብ **<u>"ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ፣ ሽርሒታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን፣ ስንክሳር ማሕለኻታቱን"</u>** ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ'ቲ ዝጸንሖ ምንቅስቓስ ከጋጥምን ዝተዓዘቦን ሓደገኛ ኣካይዳ ናይ ሓደ-ሓደ ኣብ መገዲ ክድዓትን ንጥፈታትን እተዋፈሩ፣ ዝተፈላለየ ዝሕብሮም ባእታታት፣ ሓደ ኣዝዩ ጠቓሚ ዝኾነ ትሕዝቶ ዘለዎ ሰነድ፣ ኣብ እተፈላለየ መርበባት ሓበሬታ ዝዘርገሖ ገምጋማዊ ጽሑፋት ነቢበ። ብመጀመርታ ብትብዓት ኣብ መድርኽ ወጺኡ ተመኩሮታቱ ምስ ካልኦት ንኽካፍል ዝወሰዶ ተበግሶን ስጉምትን ምስጋና ይኹኖ። (ብጆካ'ቲ ብዛዕባ መንግስትና ሕልፍ-ሕልፍ ኢሉ ዝጠቐሶ ሓደ-ሓደ ዘይቅቡል ኣባሃህላታት ገዲፍካ) እቲ ብዛዕባ ምጽብባቕ መንግስትና፣ ብተፈጥረሉ ካብ ጽቡቕ ህዝቢ እተፈጥረ መንግስቲ ስለ ዝኾነ፣ ድሓን ምጽብባቕ ኣይድልዮን እዩ።

ብዝተረፈ ኣብ'ቲ ካልእ ዝዓበየ ክፋል ናይ'ቲ ትሕዝቶ መልእኽቱ፣ ኣብ'ዘን ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፣ከም'ቲ ዝበሎ፣ ኣብ መንጎ እቶም ሕድሪ ስውኣት ጠሊሞም ምስ ደመኛታት ህዝቢ ኤርትራ ዝወገኑ፣ ኣብ'ቲ ዝጸንሐ ዘይቅዱስ ኪዳን፣ ዝነበረ ናይ ኣስራሕን ሰራሕተኛን ዝምድናታት፣ ኣኽዳምን ከደምትን፣ ናዕቢ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንኽተግብሩ ዝተኸተልዎ ሜላታትን ተልእኾን ከመይ እመስል ዘብርህ እዩ።

ኣብ ፈጻጽማ እቲ መደባት፣ ዝነበረ ምቅድዳም፣ ምምንጫትን ህልኽን፣ ከይተበገሰ ዝርኣ ዝነበረ ውድቀታት ምስኡ ዝስዕብ ዝነበረ ጭንቀት ዘስዓቦ ምፍንጫላትን፣ ድሕሪ እዚ ኹሉ ተደራራቢ ፍሹል ፈተነታት ድማ፣ እቲ ጃንዳ ነቲ ጥሙሕ ኣጀንድኡ ምስ ፈሸሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ጸወታታት ብሰፊሕ በሪሁ ኣሎ።

ሎሚ ነዞም ኣካላት እዚኣቶም ዝጠፍጠፈ እንተጣፋጠፈ ዕላምኡ ክውቅዕ ከምዘይክእል ዘስተብሃለ እመስል። ይኹን እምበር ክሳብ'ቲ ናይ መወዳእታ ውድቀት ተታሓሒዞም ክሳብ ዝዕዘሩ፣ ካልእ ጻዕረ-ሞታዊ ስጉምቲ ንምውሳድ፣ ምቅርራብ ክገብሩ ፈትነን ምውስውስን እገብሩ ምህላዎም ብሰፊሕ ኣብ'ቲ ጽሑፍ ሓቢሩ ኣሎ።

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ነዚ እከይ ውዲታት ብኣትኩሮ እከታተሎ ምህላዉ ከምርዱእ ወሲደ፣ ኣነ ብወገነይ ካብ'ቲ ዘኻፍለና ሓበሬታ፣ ከም ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ ጽቡቕ ፍቓዱ፣ ካብ'ቲ ዝቐረበ ዝርዝራት፣ መን እንታይ ኣበርክቶን ተራን ኔርዎ ኣነጺርዎ እኳ እንተሎ፣ ሓንቲ ካብ'ተን ናይ ክሕደት ኣስማት፣ ተርታ ሒዛ ተመዝጊባ ዝነበረት ግንንቲ ስም፣ ንኣቓልቦይ ዝያዳ ስሕበት ዘማእዘነት ርእየ። ኣብ ስም **ሃይለ መንቆርዮስ** ከኣ ኣዒንተይ ዓለባ፣ ካብ ንባበይ ኣዕሪፈ፣ ንኹሉ እቲ ካልእ ኣወንዚፈ ኣብኣ ኣትኪለ። ብዛዕብኡ ካብ ነዊሐ እዋን ዘዋህለልክዎ ትዕዝብቲታት ብዙሕ እኳ እንተሎኒ፣ ንግዚኡ ኣብ'ዛ ፍልይቲ ጉዳይ ኣተኩረ ሓደ መሰረታዊ ሕቶ ከንቅል ድማ መሪጸ ኣለኹ።

እዚ ሰብ እዚ፣ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባንኪ ሙን፣ ከም ናቱ ፍሉይ ልኡኽ መዚዙ ንስራሕ ኣበጊስዎ ጸኒሑ ኣሎ፣ በቲ ዝሃቦ መዝነት መሰረት፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክልተ ሱዳናት ዘሎ ፍልልያት፣ ከዳቓቕስ መምርሒ ሒዙ ናብ መገዲ

ሲኒት ከቃራርብ እኳ እንተነበረ እቲ ውክልንኡ፣ በቲ ዝረኸቦ ድፕሎማሲያዊ ሓለፋን መሳለጥን ገንዘብን፣ ከም ብልጫን ዕድልን ተጠቒሙ፣ ኣብ'ቲ እተባህሎ ስራሕ ጥራይ ክንዲ ዝድረት፣ ነታ ዝረኸባ ሰማያዊት ካርድ ንድርብ ዕላማታት ከጥቀመላ፣ ኩነታት መዝሚዙ፣ ኣብ ርእሲ ስርሑ ካልእ ተወሳኺ ስራሕን ተልእኾን ስርዓት ወያነ ከሳልጥ፣ ኣብ ቃልዕ ወጺኡ ከነጣጥፍን ከባራትዕን ምጽንሑ ብጋህዲ ክንቀሳቐስ ጸኒሑ'ሎ።

እዚ ዘይንቡር ተግባራት'ዚ፣ ብውሽጣዊ ሕግታት እቲ ውድብ ብወግዒ ቅቡል ኣብ ርእሲ ዘይምዃኑ፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቐሰ ተደራቢ ስራሕ ከሳልጥ ዝመዘዞ ኣካል እውን ተሓታቲ ከግብሮ ዘኽእል ተነቃፊ ምንቅስቓስ ክፍጽም ስቕ ኢሉ ክርእዮን፣ መሰል ሓንቲ ኣባል ሃገር ናይ'ቲ ውድብ እናተጣሕሰ እንከሎ ያዕ ኣይተባህለን። ኣብ ሱዳናት ሰላምን ምርግጋእን ከምጽእ እንተኔሩ እቲ ተልእኾ፣ ብኣንጻሩ ኣብ ኤርትራ ናዕቢ ክጽሕትርን ንሽፋቱ ከተባብዕን፣ መን ፈቒድሉ? ሕጂ ንዝገበሮ ዘሎ ጸፋዕፋዕ ገደብ ክገበረሉ፣ ዋና ጸሓፊ ንልኡኹ ክቛጻጸሮ!! ኩልና ብሓባር ንሕተቶ።

 Photo by Google.

**እወ! ይተሓተት፣ ህዝቢ ኤርትራ ክሕተት፣ ይሓትት ኣሎ!!**

በዚ መሰረት ሕቶይን ሕቶ ኩልናን፣ ከም ዜጋታት እዛ ሃገር፣ ምእንቲ ድሕነትን ሓድነትን ህዝብና፣ ምእንቲ ክብረትናን ሕድሪ ስውኣትን (ከም'ቲ እዚ ግዱስ ሰብ ዝበሎን) እዚ ውድብ፣ ኣብ ልዕሊ ሃይለ መንቆርዮስ ዘለዎ መረዳእታ እንታዩ? እዚ ዓሰርተ ግዜ ናብ ኢትዮጵያ እናተመላለሰ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ'ቲ ጽሑፍ ሰፊሩ ከም ዘሎ፣ እዚ ናይ 250.000.00 ዶላር፣ ነዞም ኣብ እተፈላለዩ ክፍልታት ዓለም፣ ንብረት ኤምባሲታት ሃገረ ኤርትራን ኣብ ምዕናውን፣ ማእከላት ማሕበረ-ሰብ ኤርትራውያን ሓዊ ምቅጻልን ዝነጥፉ ዘለዉ፣ ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ ክምውል ምኽኣሉ፣ ነቲ ዝጸንሐ ርኡይ ጸፋዕፋዕ ናብ ዝኸፍአ ጥርዙ በጺሑ'ሎ።

ካብ'ቲ ምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ጽሑፍ ነታ ንኣቶ ኣምባሳደር እትምልከት ሕጡብ እሞ ፈሊና (በጥቁልና) ብሓንሳብ ንርእያ፣ ድሕሪኡ ናብ መደምደምታ ገጻይ ክኸይድ እየ፣-

*"ወያነ: ነቲ ባዕላ ጠኒሳ ዝሓረሰቶ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ: ናታ ኢድ ከም ዘይብሉ ንኸተምስል: ናይ ፍሉጣት ኤርትራውያን ባርኾት ንኽህልዎ ብማለት: ንውሱናት መራሕቲ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ምስ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝነበረን. ሕጂ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሰርሕ ዘሎ ገዲም ተጋዳላይ* ***<u>ሃይለ መንቆርዮስ</u>*** *ከም ዝራኸቡን: ናቱ ተሞክሮ ከም ዘቕስሞምን ብምግባር ብመንገዲ ኣምባሳዶር ሃይለ መንቀርዮስ ከም ዲፕሎማት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘድሊ ሓገዝ ከም ዝገበረሎም: ሎሚ ኣብ ኤርትራ ንዝመጽእ ለውጢ ተሰፋ ኤርትራ ንሳቶም ምዃኖም ብምንጻር:* ***<u>ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ካብ ደሞዘይን: ካብ ናይ ስራሕ ኣበልን ዘጠራቐምክዎ ዝበሎ: ናይ $250,000</u>*** *(ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ወፈያ ብምግባር: ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ብዝምቕማጡ* ***<u>ኢሰያስ ጸጋይ</u>*** *ዝቆጻጸሮ ኣብ ሕሳብ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ከምዝኣቱ ገይሩ ኣሎ።"*



Photo by Malango Quotidien

## ኣብ ውሽጢ’ዚ ብድሕሪት ተሓንጊጥዎ ዘሎ ሳንጣ እንታይ ኮን እህሉ?

እዛ ሕጥብቲ ናይ’ዚ ጽሑፍ ከም ዝርኣናያ፣ “ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ካብ ደሞዘይን፣ ካብ ናይ ስራሕ ኣበለይን ዘጠራቕምክዎ” እትብል፣ ሓርግ፣ ንዓይ ናይ ቅጥፈት ኣበሃህላ’የ ዝብሎ።

(1) እዚ ዝብሃል ዘሎ ብሓቂ ውዒልዎ እንተኾይኑ ግን፣ እቲ ዝሰርሓሉ ዘሎ ትካል፣ ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ኣማኢታት ኣሽሓት ብቐሊል ዝሕፈሶ፣ ብኡ መጠን ኣብ ዘዝኽድካዮ፣ ኣሽሓት ከተፍስስ ዘኽእል ኣታዊታት ዝኮዓቶሉ ጎዳጉዲ እንተሃልይዎ ኸኣ፣ ነቲ ትማሊ ንኽመስል ዝትርኾ ዝነበረ ጽዊጽዋያት፣ “ንለውጢ ክቃለስ” ዝብል መደረታት፣ ህዝቡን መንግስቱን ራሕሪሕዎም ክምርቀፊ ዝረበጾ ቀንዲ መበገሲ ሃርጎምጎም ምንባሩ ህዝቢ ክርእዮ ሓጊዙ።፣ እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኮነ፣ ንኽድዓቱን ጥልመቱን ንምኹዋል ዝጥቀመሎም ዝነበረ ምስምስ ድማ በቃ ጠፊሹ።

(2) በቲ ኾይኑ በቲ እዚ ሰብ’ዚ ብባህሪኡ ስሱዕ፣ ክህብ ይኽእል እዩ ኢልካ ዘይሕሰብ እኳ እንተኾነ፣ ካብ ካዝና ውድብ ሃገራት ግን ብጥበብ ዝርከበሉ መገድታት የልቦን ማለት ኣይኮነን። ከመይ’ሲ፣ ምስ’ቲ “ንስደተኛታት ኤርትራውያን” ተባሂሉ ዝተሰልዐ ባጀትን፣ ካልእ ዝወሃብ ሓገዛት መንቀሳቐሲ ወረቓቕትን ፓስፖርትታትን ወዘተ..ተጠዋውዩ ናብ ካልእ መዓላ ክውዕል፣ ዘኽእል ውሽጢ ምትእስሳራት ከም ዝህልዉ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝኽእል ነጥቢ እዩ።

(3) ሃይለ መንቆርዮስ፣ ከም ወኪል መንግስቲ ኤርትራ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብስራሕ ክንቃሳቐስ ኣብ ዝነበረሉ ዓመታትት እውን፣ ዘርእዮ ዝነበረ ድስፕሊንን ኣካይዳን፣ ካብ ዕላላቱ ሕጂ ዝስወጠካ ብዙሕ ነገራት ኣሎ፣ ብፍላይ ምስ’ዚ ሕጂ ከርእዮ ዝጸንሐ ኣካይዳ ኣዛሚደ ክርእዮ እንከለኹ። ምስ ወያነ ዝጸንሐ ዝምድናን ምውሳእን ጽቡቕ’ዩ ኔሩ። ካብ’ዚ ብምብጋስ ከኣ፣ ሳልሳይ ክውንነት ከንቅል ዘኽእለኒ ግምታት ኣሎ፣ እቲ እተዋህበ ሓገዝ ናይ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር፣ ብኢድ ኣዙር ፣ “ንስምረት ምንቀስቓ መንእሰያት” ብኢድ ሃይለ መንቆርዮስ ከም ዝውሃብ ምግባር ንኽልቲኣቶም፣ ንወሃብን ኣውሃብን ዘርብሕ ድርብ ውጽኢት ክህልዎ ስለ ዝኽእል።

ንኣምባሳደር መጸባበቒ ፖለቲካዊ መልክዑ፣ ምስቶም ኣብ ናይ ጥፍኣት መገዲ ዘለዉ መንእሰያት ድማ ባይታን ተቐባልነትን ዝረኽብሉ ዕድል ዝኸፍት ህያብን፣ ብተወሳኺ ነቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድሕሪ ጥሮታ፣ መንበሪ ክረክብ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ መፋተዊ፣ ናይ ግበረለይ ክገብረልካ ምግብባር እዩ። ንወያነ ግን ልሙድ ረቂቕ ጸወታታት፣ ንመንእሰይ ኤርትራ ከም ዒላማ፣ ኣፍራይ ዜጋ ካብ ምዃን ኮሊፍካ፣ ካብ ሃገሩ ተመንጢሉ ክወጽእ፣ ኣብ ዓወንወን ክሽመም፣ ብኣንጻሩ ነቲ ዕቑር ሓይሉ መዝሚዝካ ኣንጻር ሃገሩ፣ መሳርሒ ክኾንዎ ናይ ነዊሕ መደባትን ፖሊሲታትን፣ ሓንጺጽዎ ዝጸንሐ መቐጸልታ ጻዕሩ እዩ።

(4) ራባዓይ ክውንነት፣ እቶም ዝለሓኹ ምስጢራውያን ሰነዳት ዘተንብህዎ፣ ካብ'ቲ ብንጹር ሓቐፎምዎ ዘለዉ ነጥብታት፣ ነቲ ከም ኣስጋኢ ኢሎም ዝቖጸርዎ፣ ንቑሕ ድልዱል ሃገራዊ ናይ መንእሰያት ምንቕስቓስ ህግደፍ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ቀዳማይ ወለዶ ተቓላሳይ ህዝቢ፣ ኮይኑ፣ ንህዝቡን መንግስቱን ንከውፈ እተዓጥቀ ተካኢ ወለዶ፣፣ ንዕዑ ዝወዳደር ኣንጻሩ ካልእ ምንቅስቓስ ዘነጣጥፍ ክምስርቱን፣ ንመደልደሊኡ ሓገዛት ክስለዓሉ መደብ'ውን ስለ ዝነበረ፣ ነቲ ኣማኒ ነጥቢ ኣብ ግምት ኣእቲኻን፣ እቲ ሃይለ መንቆርዮስ ምስ'ቶም መፈልፈል'ቲ ናይ'ዚ ንድፈ-ሓሳብ ዘበገሱ ኣካላት ዘለዎ ሓያል ዝምድና ደሚርካ፣ ነቲ ዝወጥንዎ ኣጀንዳ ንምቅልጣፍ፣ ብደብረ ዘይቲ፣ ብኢድ ኣምባሳደር ዝሓሸ ኣማራጺ ከም ዝኸውን ንኽትግምት እውን ዓቕብ ኣይኮነን፣ እዚ እውን ከም ራባዓይ ሕቶ ከተንቀል ዘኽእል መዘክር'ዩ።

ስለ'ዚ ኣብ መደምደምታ ክብሎ ዝደሊ፣ ደጊመ ንኩሉ ወዲ'ዛ ሓላል ሃገር፣ ምእንቲ ክብራ፣ ደው ክብል፣ እቲ፣ ነዚ ዕዙዝ ለበዋ ዘንቀለ ሰብ ክተባባዕ፣ ነቲ ዘበገሶ ናይ ምቅላዕ ተበግሶ ኣብ መወዳእትኡ ከብጽሖ እናተላበኹ፣ ዋና ጸሓፊ ባንኪ ሙን ድማ ነዚ ዝመዘዞ ተሓጋጋዚኡ ኣራሚ ስጉመቲ ክወስድ፣ ብሓባር ሕቶታትናን ድምጽናን ነስምዕ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ዕድመ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ!!

ኤርትራና ንዘለኣለም ትንበር!!!



ኣብ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ከምይ ግዲ'ዩ ዝሰርሕ